# ፈስቲቫል ኤርትራውያን ነበርቲ ምብራቓዊ ዞባ ሰሜን ኣመሪካ፡ ብውዕዉዕ ሃገራዊ ስኒት ተዛዚሙ።

እቲ ልዑል ሃገራዊ ስኒት ዝዓሰሎ ፈስቲቫል ኤርትራውያን ምብራቓዊ ዞባ፡ ብኣቦ መንበር በዓላት ሽማግለ፡ ኣቶ ሲዒድ ዓብደላ፡ ዓርቢ 7 ነሓሰ ኣብ ሸራቶን ሆተል፡ “ናይ እንቛዕ ድሓን መጻእኩም” ሰናይ ሰላምታ መደብ መቀበል ኣጋይሽ ወግዒ ምስተኸፍተ፡ ሰንበት ዕለት 9 ነሓሰ 2015፡ ብውዕዉዕን ምዕሩግን ኣገባብ ተዛዚሙ። እብዚ ክካየድ ዝቐነየ ንግደት፡ ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ኣብ ሕቡራት ሃገራት ኣመሪካ፡ ኣቶ ብርሃነ ገብሪሂወት፡ ናይ ክብሪ ዕዱም ዶክቶር ታደሰ መሓሪ ኣቦ መንበር፡ ሃገራዊ ኮምሽን ላዕለዋይ ትምህርቲ ኤርትራ፡ ሓለፍቲ ህዝባውን ኮማውን ማሕበራትን፡ ካብ ዝተፈላለየ ከተማታት ዝመጹ ዜጋታት፡ ወጻእተኛታት ዕዱማት ፈተውቲን መሓዙትን ህዝቢ ኤርትራ፡ ዘሳተፈ ሰፊሕን ዕዉቱን ምትእኽኻብ ምንባሩ ይፍለጥ።




ፈስቲቫል 2015፡ ዝተፈላለየ መሃሪ መልእኽቲ፡ ኣዛናጋዒ ባህላውን ስፖርታዊ ንጥፈታት ዝሓቖፈ፡ ኣብተን ዝቀጸላ ሰለስተ መዓልታት ዝኸደ ኮይኑ፣ ቀዳም ኣብ ኣዳራሽ ደንደን፡ ብኣቶ ብርሃነ ገብሪሂወት ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ፡ ንህሉው ኩነታት ሃገር ዝጠመተ ሰፊሕ ሰሚናር ኣቕሪቡ። ጻቒጡ ካብ ዘተኮረሉ ነጥብታት ድማ፡ ኣብ ዓውደ-ዲፕሎማሲያዊ ግንባር፡ “ካብ ማሕበረ-ሰብ ዓለም ንምንጻልና፡ ብተጻባእትና ብቀጻሊ ክኸይድ ዝጸንሐ ናይ ቅባጸት ሕሱር ምንቅስቓሳት፡  ንኹቡር ባህሊ ነፍሲ-ወከፍ ኤርትራዊት ስድራ-ቤት ዝድውን፡ ርኹስን ኣነዋሪ ዘለፋታት፡ ኣብ ዝኸፍአ ጥርዙ ምብጽሑ፡ እዚ ኣብ ቀረባ እዋን፡ ብጉልባብ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰል፡ ክገማዳሕ ዝጸንሐ ጸለመታትን ክስታትን ከኣ መርኣያ፡ ናይ’ዚ እከይ ውዲታዊ ዕንኪሊል ምዃኑ ኢዩ” ክብል ኣስሚርሉ። ኩሉ ዜጋ ብዘይ ምቁራጽ ብትሪ ክገጥሞ ለበውኡ ኣመሓላሊፉ። ብምቕጻል “ ይኹን ድኣ እምበር  ብወገና ክካየድ ዝጸንሐ ናይ ርእሰ ምክልኻል ግብረ-መልሲ ንጡፍ መንግስታዉን ህዝባዉን ጥሙር መኸተ፡ ፍሽለትን ስዕረትን ተጻባእቲ ጋህዲ እናኾነ፡ ብሓደ ወገን፣ ዝርኣ ዘሎ ትስፉው ውጺኢታት ድማ በቲ ኻልእ፡ ንብድሕሪ ሕጂ ተሪፉ ዘሎ ናይ ምርብራብ መስርሕ፡ ንቀጻሊ ብድሆታት ድማ ብሓባር ክምከት ምዃኑ ዝርአ ዘሎ ህርኩትን ዘይዕጸፍ ህዝባዊ ቅሩብነት፡ ነዚ ከንጸላሉ ዝጸንሐ ከቢድ ጾር ተራጊፉ፡ ህዝቢን

መንግስትን ኤርትራ፡ ሓቂ ሒዙ ከም ዝዕወተሉ፣ ዘማትእ ከምዘይኮነን፡ ድሕሪኡ ዝተርፍ ጉዕዞ፡ ቑጠባ ሃገርና፡ ኣብ ዝሓጸረ እዋን ኣብ ዘተኣማምን  ሕውየት ከም እንረግጽ “ ክብል ሓቢሩ።

ዶክቶር ታደሰ መሓሪ ኣቦ መንበር ሃገራዊ ኮምሽን ላዕለዋይ ትምህርቲ ኤርትራ፡ ኣብ’ቲ ኣጋጣሚ ተረኺቡ፡ ነቲ ኣብ ሃገር ብሓልዮት መንግስቲ ዝካየድ ዘሎ መደብ ምምዕባል ዓቕሚ ሰብ፡ ሓደ ካብ’ቲ ዝዓበየ ኣቃልቦ ዝተዋህቦ ተልእኾን ምዃኑ መበገሲ ጌሩ፡ ኣብ ከመይ ኩነታት ከም ዘሎ ዝሕብርን ዝምህርን ሰፊሕ ሰሚናር ንተሳተፍቲ ኣቕሪቡ። ንሕንጻጻት መርሓ ውጥን ማይክሮ ፖሊሲ ኤርትራ ማእከል ዝገበረ፡ንባህልን ልምድን ህዝብና ኣብ ግምት ዘእተወ፡  ምዕሩይን ኣሳታፍን፡ ንኹሉ ብዝባጻሕ ምዕቡልን ድልዱልን ቁጠባ ንምምዝጋብን ምርግጋጽን፡ ብቀዳምነት፣ ብቑዕን ኣፍራይን ዜጋ ምኹስኳስ ቀንዲ ሕመረት’ ናይቲ ዕብየት ስለዝኾነ፡ ጽንዕ እምነት መንግስቲ ኤርታራ፡ ኣብ’ዚ ዓውዲ’ዚ ክኽተሎ ዝጸንሐ ልዑል ኣተሓሕዛን ተበጺሑ ዘሎ ምዕባሌታትን ዝርዝራትን  ኣቅሪቡ። ነቲ ኣብ ዝተፈላለየ ጽላታት ትምህርቲ፡ ብተናጸል ክስርሓሉ ዝጸንሐ ኣተኣላልያን ኣተሓሕዛን ስርዓተ-ትምህርቲን መምዘኒታትን፡ ብሓደ ምዕሩይ ምእኩል ኣገባብ ክእለ፡ ጽሬቱን ጽፈቱን ምስ ኣህጉራዊ መለኪዒታት ዝዋዳደር ኮይኑ ክበቅዕ፡ ነዚ እትኣሊ፡ ሓንቲ ብሃገር ደረጃ ዝቖመት ኮምሽን ላዕለዋይ ትምህርቲ  ምህላዋ፡ ኣብ ስራሓታ ዘጻፈፈቶ ዕማማት ዝተረኽበ ኣስተዋጽኦን ብድሆታትን ብዝርዝር፡ ንተሳተፍቲ ተስፋ ዝህብ ሓበሬታታት ኣስኒቑ። በዚ መሰረት ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት፡ ኣብተን ዘለዋ 8 ኮለጃት ርኡይን ትስፋውን ኣመታት ዝህቡ ለውጥታትን ከም እተመዝገቡ፣ ንዝመጽእ እውን ናብ ዝበረኸ እናወሰኸ ኣድላዪ ምትዕርራያትን ጻዕርታትን እቕጽል ምዃኑ ንተሳተፍቲ ሓቢሩ።




ጎድኒ ንጎድኒ ንጥፈታት ፈስቲቫል፡ ህዝባዊ ማሕበራት፡ ህግደፍ ፡ሃማድኣ፡ ኢንተርፕራይስ፡ ከካይድኦ ዝጸንሓ ሃገራዊ ንጥፈታትን መኸተን ዝምልከት ዝተፈላለየ ኣርእስትታት ኣልዒለን ምስ ህዝቢ ዘትየን፡፡

ሓደ ካብ’ቲ ዝዓበየ ክፋል ትሕዝቶ ፈስቲቫል፡ ንድሌትን ሃረርታን ተሳተፍቲ ዝተቐረበ ምስናዳኣት፡ ኣዕጋቢ ባህላዊ ምርኢት ዘቕረባ፡ ካብ ውሽጢ ሃገር ዝገስገሰት ጉጅለ ባህሊ ቀይሕ መሬት፡ ኣብ’ዚ ከባቢ ዝነጥፉ ህቡባት ጉጅለ ባህሊ ስኒት፡ ሃገራዊ ወኒ ዝቕስቅስ፡ ታሪኻዊ ፍጻሜታት ዘዘኻኽር፡ ወኒ መኸተና ዘበራትዕ ድሙቕ ባህላዊ ምርኢትን ትልሂታትን ኣቕሪበን።




ቁሸት ኣርባዕተ ንኡሳት ዞባታት ሰሜን ኣመሪካ፡ ናይ ትሸዓቲኤን ብሄራትና ያታን ባህላዊ ትሕዝቶን ዘንጻባርቕ ምርኢት፡ ብትግሃት ተዳልዩ ንተሳተፍቲ ንምርኢት ቀሪቡ፣ ካብ'ዚ ምርኢት'ዚ፡ ተጠቀምትን ከሰብትን ዝኾኑ ድማ፡ እቶም ኣብ ስደት ዝተወልዱን ዝዓብዩን ዘለዉ ቆልዑን መንእሰያትን፡ ባህሊ ሕብረተ-ሰቦም እንታይ ከምዝመስል ዘላሊን መሃርን፡ ምስ ወጻእተኛታት ድማ ዘፋልጥ ትሕዝቶ ኔርዎ።




ኣብ ቁሸት ስእላዊ ምርኢት፡  ንህልው ቑጠባዊ ዕብየት ሃገር፡ ኣብ እዋን ብረታዊ ተጋድሎ፡ ህዝባዊ ግንባር ንቅንዕናን ንኑጹርነት ክልሰ ሓሳባዊ ኣራኣእያኡ፡ ናብ ግብራዊ ነገራዊ ሓይሊ ብምቕያር፡ ነቲ ዓበይቲ መስገድላት ንምግጣምን ምስዓርን፡ ዘነጽር ሓያል ጥበብን ሜላን፡ ብዘይ ዝኾነ ይኹን ግዳማዊ ደገፍ፡ ኣብ ውሽጣዊ ጸጋታቱን ዕቑር ዓቕሚ ሰቡን ተመርኲሱ፡ ነቲ ብሓያላት መንግስታት እተደገፈ ጸላኢና፡ ሰፍ ዘይብል ተጻብኦን፡ ብመስተንክራዊ ጽንዓት፡ ዝሰዓረ፡ ርቀትን ክእለትን፡ ናይ'ቲ እዋን'ቲ ዘዘንቱ  ኣካይዳ፡ ኣብ'ዚ እንሓልፎ ዘለና መዋእል ድማ ብተመሳሳሊ መንገዲ፡ መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣብ ናይ ገዛእ ርእሱ ዓቕሚ ለዚቡ፡ ዘመዝገቦ ዘሎ ሃገራዊ ህንጻት ዘርኢ ኣሳእል፡ ኣብ ሃገረ ጀርመን ዝምቕማጡ ኣቶ ሙሴ ኣብርሃ ዝቐረበ ኮይኑ፡ ን"ተራ ደቀንስትዮ ኣብ ቃልስን ሰላምን" ብዝብል ቴማ ዝተዳለወ ስእላዊ መግለጺን ብሃማደኤን፡ ብመንእሰይ ተኸሊት ዘካሪያስ ዝተዳለወ ቅብኣ ኢድ ድማ፡ ነቲ ፈስቲቫል ተወሳኺ ግርማን መዓርግን፡ ንተዓዘብቲ ትምህርትን መልእኽትን ዘቕስም ትሕዝቶ ኔርዎ።
ከም ውጺኢቱ ድማ ብዙሓት ተዓዘብቲ፡ ኣብ'ቲ ዝተደኮነሉ ኣዳራሽ ዋሕዚ በጺሕቲ ረኺቡ።





ኮይኑ ኸኣ፡ ካብ ኩሉ ጽፍሕታት ዕድመ፡ ብሄራትን እምነታትን፡ ናይ ዕድመ ጸጋ ዝጸገቡ ዓበይቲ፡ ቆልዑን መንእሰያትን፡ ብምልኣት ልቢ ነዚ ሃገራዊ ንግደት፡ ውራይና ኢሎም ከድምቑን ከጸብቑን፡ ከብዕሉን ክዕልሉን፡ ዘርእይዎ ደስታን ሓጎስን፡ ከም ሓደ ሃገራዊ ግቡእ ወሲዶም ካብ ርሑቕ ስፍራታት ንነዊሕ ሰዓታት ተጓዕዞም ብሓበን ተሳቲፈሞ።

ነዚ ልዑል ምስንዳኣት ዝተገብረሉ ዞባዊ ፈስቲቫል፡ ካብ ኩለን ከተማታት ምብራቓዊ ሰሜን ኣመሪካ፡ ዝተፈላለያ ማሕበራት፡ መደባት ሰሪዐን፡ ኣብ ባህላዊ ምርኢት፡ ንኹሉ ጽፍሒታት ዕድመ ዘሳትፍ ውድድራት ስፖርት ባህልን፡ ቀ'ሽት ዞባታት፡ ኣዳራሽ ኩለን ብሄራት፡ ኩነታት ቁጠባውን ማሕበራውን ምዕባሌታት ሃገርና ዘነጽር፡ ስእላዊ ምርኢት ተዳሊዩ፡ ንዓመታዊ ንጥፈታት ኮሚዩኒቲ ኣብ ምምህርና ቋንቋታት ኣደ፡ ብኣሃዝን ስእላዊ መግለጺታትን፡ ቅብኣ ስእልን ፡ 'ውን ንባህልን ልምድን ህዝቢ ኤርትራ ብዘንጸባርቕ ድሙቕ ምድላዋት ተጊርሉን ኢዩ ተኸፊቱ።





ነጋዶ'ቲ ፈስቲቫል፡ ኣብ ዘዝሓረይዎ ንጥፈታት፡ ካብ ስፍራ ናብ ስፍራ ከዛናግዑ ዊዒሎም።

ድኳናት ዝተፈላለየ ንግዳዊ ቀረባት፡ መጻሕፍቲ ካሴት፡ ክዳውንቲ ንህያብ ዝኸውን ቅርጺ-ቅርጺ፡ ባንዴራታት ቀሪበን፡ ዝተፈላለየ ኣገልግሎታት፡ ሓበሬታ ኣየርን ባሕርን ዝህባ ትካላት፡ ንስርሓተንን ንጥፈታተንን ዘላሊ ምርኢት፡ ብዙሕ ጥቕሚ ሓዘል ትሕዝቶ ዘጣመረ ብምንባሩ፡ ንዘሎ ዓቅምን ትሕዝቶን ኤርትራውያን'ውን፡ ዝሓሸ ስእሊ ክትረክብ ዘኽእልን ዝሕግዝን መርኣይ ምንባሩ፡ ሓደ ነብሱ ዝኸኣለ ዓውዲ ኢዩ ክበሃል ይከኣል። ጎድኒ ንጎድኑ ኸኣ፡ ብውሕልነት ኣዴታት እተዳለወ፡ ብልዕን መስተን ዘአንግድ ዳሳት ተጎዝጒዝዎ፡ ገለ ናይ'ቲ ፈስቲቫል ሽሻይ ምንባሩ ይፍለጥ።





ፈስቲቫል፡ መርኣያን መግለጽን ሃገራውነት፡ ቅርዓት ስኒትን ጥምረትን ኣብ ስደት ዝነብሩ ዜጋታት ኢዩ። መላግቦ ቀሌቤት ምስ ሃገር ዝህሉው ምትእስሳር ዘነጽር፡ ነቲ ኣብ ነንሕድሕዱ ዘለዎ ዓሚቕ ፍቕርን ናፍቆትን ዝገልጸሉ መድርኽ፡ ብሃንቀውታ ዝጽበዮ ዓቢ ሃገራዊ በዓል'ዩ።

እቲ ብሃንቀውታ "መዓስ ኢያ ትኣክል" ኢሉ ንዓመት ዝጸበያ ኤርትራዊት ስድራ-ቤታዊት ቅነ ምትእኽካብ፡ ዕለት ሰንበት፡ ኣብ ኣማስያኡ፡ መሓዙት ኣዕሩኽ መተዓብይቲ ኣዝማድ ከካብ ዝመጽዎ ክምለሱ ክሰናበቱ እንከለዉ፣ ኣብ ገጾም ዝርአ ናይ ምፍልላይን ምድፍናቕን ስሚዒት፡ ኣብ ኤርትራውያን ዘሎ ጥቡቕ ሕውነታዊ ምቅርራብ፡ መመሊሱ ዘጉልሕ መርኣያ ኮይኑ፡ "ፈስቲቫል እንቛዕ ሃለወ" ዘብል፡ ቅዱዊ ሃገራዊ ምትእኽኻብ ምዃኑን፡ መቐሬቱ ካብ ጊዜ ናብ ጊዜ እናመዓረን፡ ኣድላይነቱ እናጎልሐን  እናተደርዐን እኸይድ ምህላዉ፡ ብጀካ'ቲ ትሰምዖ ዘተባብዕ ቓላት፡ ብትዕዝብቲ ዝንበቡ ቓላት፡ ዝያዳ መልእኽቲ ኣለዎም።

እዚ ህያብ'ዚ ካልኦት ኣህዛብ ዘይውንንዎ ፍሉይ ጽባቐ ኢዩ፡ ጽባቐና ኣብ ስኒትና ስለ ዝኾነ፡ ስኒትና ድማ ዋሕስ ህላወና ኮይኑ፡ ምስ ቀጻልነትና ከም ኣካል ባህልና ንሓዋሩ ተዓቂቡ ዝምዕብል ባህጊ ኩሉ ዜጋ ኢዩ። "ንዓመታ ብሰላም፡ ኣብ ራህዋን ብልጽግናን ሃገና የራኽበና".....ዝብሉ ቃላት...ሕንቕን-ንቕ፡ እናተበሃሃልካ ናፍቖትካ ከይወዳእካ ነናብ ገዛኻ ምምላስ፡ ናይ ሕዉነት ኣእዳው ምስ ኣእዳው ክጫባበጣ፡ ምዕጉርቲ ምስ ምዕጉርቲ ክሰዓዓማ፡ ዓይኒ ምስ ዓይኒ ለበዋ ክላዋወጣ፡ ንዓመት ዝኸውን ስንቂ ምልግጋስ ማለት'ዩ ኔሩ ትርጉሙ።

ለይትን ቀትርን ብዘይ ዕረፍቲ ንመዓልታት ሰሪሐን፡ ንምሉእ ተሳታፊ ፈስቲቫል፡ ብዝግባእ፡ ብውሕሉል ኣተሓሕዛን ጽፈትን መግብን መስተን ዝወደባ ኣባላት ሃማደኤ፡ ድማ ካብ ኩሉ ተሳታፋይ ምስጋና ቀሪቡለን።





ከምኡ እውን ነዚ ዕውት ተልእኾን ዕማምን፡ ንኣዋርሕ ከይሰልከዩ ብትግሃት ዝዓየዩ፡ ኣባላት በዓላት ሽማግለን ማሕበራትን፡ ዝተፈላለዩ ኮሚቴታትን ውልቀ-ሰባትን፡ ብዝገበርዎ ኣበርክቶ ምንባሩ፡ በዚ ኣጋጣሚ ምስጋና ይብጽሓዮም፡ ዮሃና ድማ።

ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ!!










ሎሚ ሕጻን፡ ናይ ጽባሕ በጽሒ ኣላይ መድርኽ






ፌስቲቫል ኤርትራ
Washington DC -








Washington DC -




FESTIVAL ERITREA


ERITREA
Washington DC




FESTIVAL ERITREA
Washington DC

